**ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ**
**ኣብ ኣውስትራልያ ኣኼባ ኣካይዶም**

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ**
**1 ጥሪ 2010**

ብሰንበት ዕለት 31 ጥሪ 2010 ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣቶ መሓመድ ኑር ኣሕመድን ኣቶ ዓንደብርሀን እስጢፋኖስን ዝመርሕዎ ኣኼባ ናይ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ኣውስትራልያ ተኻይዱ። ኣብ'ዚ ብተለ ኮንፈረንስ እተኻየደ ኣኼባ ኣብ ከተማ መልበርን፡ ፐርዝ፡ ብሪስበንን ካንበራን ዝርከቡ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፎሞ ነበሩ። ዕላማ ኣኼባ ብዛዕባ ውጽኢት ምጽንባራዊ ዋዕላ መብርህታት ምሃብዩ ነይሩ። ኣቶ መሓመድኑርን ኣቶ ዓንደብርሃንን ኣብ ምጽንባራዊ ዋዕላ ብኣካል ተሳቲፎም ከም ምንባሮም መጠን ጸብጻብ መስርሕ ዋዕላ ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጾም፣ ነቲ ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበሎም ሕቶታት ብዘዕግብ መንገዲ መሊሶም። ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝቐረበሎም ጸብጻብ ድሕሪ ምስማዕን፣ ሕቶታቶምን ርእይቶታቶምን ድሕሪ ምቕራብን፣ ኣብ መወዳእታ ንዓወት ሰልፎም ብዝከኣሎም ዓቕሚ ክቃለሱ ምኳኖም ደጊሞም ኣረጋጊጾም።